# ውሳኔታት ኣኼባ ከተማ ዊኒፐግ

1. ነቲ ብ26 ለካቲት 2013 ዓ.ም. ኣብ ሽወደን ኣብ ልዕሊ ናይ ኤርትራውያን ማሕበረሰብ ማእከላት ዝተፈጸመ ግብረሽበራዊ ተግባራት ኣትሪርና ንኹንን። መንግስቲ ሽወደን ክኣ ነቲ ጉዳይ ብዕቱብነት ሒዙ ንገበኛታት ናብ ፍርዲ ከቕርብ ንጠልብ።

2. ነቲ ቁጠባ ኤርትራ ንምሕናቕን ንምድኻምን ዝዓለመ ዝኾነ ይኹን ጭብጥን መርትዖን ዘይብሉ ኣብ ልዕሌና ዝተገደደ ዘይፍትሓዊ እገዳ ብዘይ ውዓል ሕደር ክልዓል ኣትሪርና ንጽውዕ።

3. እቲ ንኣህጉራዊ ሕግን ብይንን ረጊጹ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ጎቢጡ ሒዙ ዘሎ ስርዓት ኢትዮጵያ ብዘይ ቅድመ ኩነትን ውዓልን ሕደርን ካብ መሬትና ክወጽእ ኣጥቢቕና ነተሓሳስብ።

4. መንግስትን ሕዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ብሓባር ዘሰላስልዎ ዘለዉ ናይ ነጥበ መቐይሮ ቁጠባዊ ዕማማት ነሞግስ። ዓቕምና ዝፈቕዶ ከነበርክት ድሉዋት ምዃና ክኣ ቃል ንኣቱ።

5. ኣብ መሬት ግብጺ (ከባቢ ሲናይ) ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያንን ካልኦት ዜጋታትን ዝፍጸም ዘሎ ኢሰብኣዊ ተግባራት መሪር ሓዘና እንዳገለጽና ንዝምልከቶም ኣካላት ሕ. ሃ. ቁልጡፍ ቆላሕታ ኽገብሩሉ ንሓትት።